## ብቅይዱ ከይዱ!!!

ብኸዩ ህዝብታት፣ ንብዓታት ጨርሑ

ቖዝሙ ሰብ ሓደራ፣ ኣውያት ደርጉሑ

ተሰለፉ ቀባሮ፣ ንቐብሪ ኣምርሑ

ጽን በሉ ሰብ ማዕዶ፣ ኣእዛንኩም ኣስብሑ

ኡኡኡኡኡይይይይ ይባሃል ኣሎ፣ ኣውያት ሰምዑ

መርድእ መርድእ ይብል ኣሎ፣ ኣብ ዘለኽሞ ጽንዑ

ይንጸ ሎ ጸግሪ፣ ጎበዝ ጠፊኡ

የንገርግር ኣሎ ሰብ፣ ጅግና ተሰዊኡ

ይሕዘን ሎ ሓዘን፣ ሕዘኑ ሕዘኑ

ይእወ ሎ ኣውያት፣ ደነኑ ድነኑ

ይቅበር ሎ ኣፍቃሪ፣ ቅበሩ ቅበሩ

ይፋኖ ሎ ክብሪ፣ ኣኽብሩ ኣኽብሩ።

ንብዓት ኣውሕዙ፣ ኣእዉዩ ኣእዉዩ

ሓወይ ሓወይ ብልዎ፣ ብኸዩ ብኸዩ

ኣይትታኣበዱ፣ እበዩ እበዩ

ሓመድ ድበ ኮይኑ፣ ጉየዩ ጉየዩ።

ኣፍንንዎዎ ጅግና፣ ስገዱ ስገዱ

ቅበጽዎ ሃይለ፣ ዕበዱ ዕበዱ

ጸሊም ልብሲ፣  ስደዱ ስደዱ

ይበኸ ይለቀስ ዓዲ ብዓዱ።

ተደነሱ ተረምሰሱ ጸሊም ልበሱ

ኣንገርግሩ ጸግሪ ንጸዩ ፣ ሕሰሙ ኣልቅሱ

ተደርበዩ፣ ተሰጥሑ፣ ብክያት ኣይትምለሱ

ሓዘን ኮይኑ በሎ፣ ንኣውያት ኣንግሱ።

ጸላኢ ኣውዲቑ፣ ሓዋ እንዶ ክሒዱ

ድርብ ሞት ኮይኑ፣ ብቅይዱ ከይዱ

ዝነበሮ ማዕሙቅ፣ መሊሱ ጎድጊዱ

ሞት ብሞት በርዩ፣ ምስምዑ ከቢዱ።

ኢስ- 20180220